SuffolkCollective
Suffolk partners and agencies working together

suffolk Resilience

MESSAGE CASCADERS

# ንነዊሕ ጊዜ COVID (ኮቪድ)

*ምልክት ከመይ ጌርካ ክትፈልጦ ከተለልዮ ከምዘለካን ነቲ ሕማም ከይሕዘካን ናብ ካልእ ሰብ ከይመሓላለፍን ደሕንነትካ ከመይ ጌርካ ከምትሕልውን*




**COVID (ኮቪድ) ማለት እንታይ ማለት እዩ?**

ንምሳሌ፣ ኮሩና ቫይረስ (COVID-19) (ኮቪድ) እቲ ሕማም ብዙሕ ሰሙናት ዝወስድ ምልክታት ከርእይ ይኽእል እዩ ፣እቱ ሕማም ሓንሳብ ምስ ሓዘዘካ ንሰሙናት ወይ ከኣ ኣዋርሕ ቅድሚ እቲ ረኽዚ ምጥፍኡ ክውድእ ይኽእል እዩ ። እዚ ከኣ ድሕረ COVID-19 (ኮቪድ) ዝርኣይ ሕማም ወይ ከኣ "ናይ ነውሒ ጊዜ ኮቪድ" ተባሂሉ ክጽዋዕ ይከኣል ።




ሕማም COVID-19 (ኮቪድ -19) ምስ ሓዘካ ነፍስወከፍ ሰብ እቲ ሕማም ምስኦም ክንደይ ይገብር ይፈላለይ እዩ ።

መብዛሕትኦም ሰባት ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት እቲ ምልክት ሕማም ድሓን እንዳኾነ ይኸይድ ፣ ሓድ ሓደ ሰባት ከኣ ንሰሙናት ዝኣክል እቲ ሕማም ምስኦም ክጸንሕ ይኽእል ፣ መብዛሕትኦም ሰባት ድሕሪ 12 ሰሙን ሙሉእ ብሙሉእ ይሓውዩ እዮም ።



እቲ ሕማም COVID-19 (ኮቪድ -19) ንነዊሕ ጊዜ ምሳኻ ናይ ምጽናሕ ዘለዎ ዕድል ምስ እቲ ሕማም ከጥቅዓካ ከሎ ማኦረኽንደይ ከቢድ ኔሩ ዝብል ኩነታት ዝተታሓሓዘ ኣይኮነን ። ሰባት ኣብ መጀመሪያ እቲ ሕማም ቅልል ኢሉ ዝሓዞም ከማን እቲ ሕማም ኮቪድ ምኦም ነዊሕ ጊዜ ክጸንሕ ይክእል እዩ ።



እቲ ኩነታት ከምዚ ስለዝኾነ ኢና ከኣ ቀጻሊ ክንጥንቀቕ ዘለና መታን ንነብስናን ንኻላኦት ሰባትን እቲ ሕማም ከይመሓላለፍ መታን ክንከላኸል መታን ።

እቲ ዝበለጸ መንገዲ እዚ ሕማም ኮቪድ ንነዊሕ ጊዜ ከይጸንሕ እቲ ሕማም ከይተሓላለፍ ምክልኻል እዩ ። እዚ ከኣ ክትባት ብምውሳድ ክትከላኸል ትኽእል ፣ ኣብ ኑዙሕ ሰባት ዘለዎ ቦታታት ክትከይድ ከለኻ ኩሉ ጊዜ ናይ ገጽ ማስክ ምጥቃም ናኣምነት ኣብ ናይ ሕዝቢ መጎዓዓዚ ቦታታት ክትከይድ ከለኻ ፣ ብተደጋጋሚ ኢድካ ምሕጻብን ኣብ ጥቓ ሰብ ምቕራብ ምቁራጽን ዝኣመሰለ እዩ ።



ምልክት ሕማም ናይ ነዊሕ ጊዜ ኮቪድ ዝተፈላለየ እዩ ፣ ድኻም ምስማዕን ኣፍ ልፍብኻ ቃንዛ ምግባርን ፣ ትንፋስ ሕጽረት ምግባር ፣ ኣፍ ልብኻ ጨብጥ ኣቢሉ መሓዝ ፣ ናይ ምዝካር ክእለትካ ምቕናስ ከምኡ እውን ናይ ምስትውዓል ኩነታትካ ምቕናስ (ሓንጎልካ ብድባን) ከኣ ተባሂሉ ይጽዋዕ እዩ ፣ ናይ ዓጽምኻ መገጣጣሚ ቃንዛ ምግባር ፣ ጨንቀት ምህልው ፣ ከምኡ እውን ምጭንናቕ ፣ ቆርበትካ ሹፍ ምባል፣ እዝንኻ ቀጻሊ ድምጺ ምሃብ ፣ ከብድኻ ቃንዛ ምግባር ፣ ሽውሓትካ ናይ ምዕጻው ፣ ረስኒ ምህልዋው ፣ ሰዓል ምስዓል ፣ ጎሮሮኻ ቃንዛ ምግባር ፣ ናይ ጣዕሚን ናይ ሽታ ምሽታት ምስኣን ፣ ዝኣመስለ ሕማም ምልክት እዩ ዘርእየካ ።




**ሓገዝ ከ ኣበይ ክረክብ ይኽእል ?**

ብዛዕባ ናይ እቲ ሕማም ምልክት COVID-19 (ኮቪድ -19) እንተ ድኣ ተሸጊርኩም ወይ ከኣ ኣተሓሳሳቢ ኮይኑ ረኺብኩሞ ድሕሪ እቲ ሕማም ምሳኹም ን 4 ሰሙን ወይ ከኣ ልዕሊኡ ምሳኹም ኔሩ ምስ ምስ ሓኪም GP (ጂ.ፒ) ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም ።

I'm saying yes2test
We're keeping Suffolk Covid safe

22/09/2021

Tigrinya